# ካብ ማህደር መፃሕፍቲ።

*ካብ ኣብርሃም ለኣከማርያም፣*

*ካናዳ።*

*ቋንቋ ትግርኛ ድሕሪ ዓሰርተ ሸውዓተ ዓመት ነፃነት ኣብዚ በዚሕዎ ዘሎ ደውታ ክዕገት እዩ ኢልካ ዘይግመት እኳ እንተነበረ ሀዚ'ውን ሓድ ሓደ ግዱሳት ፀሓፍቲን ከየንትን ብዝገብርዎ ፃዕሪ  ግና ኣለኹ እየ ዝብል'የ እናበለ ይድሀ ከምዘሎ ምርዳእ ይካኣል እዩ። እዙይ ከብለኒ ዝኻኣለ ብዙሓት ምኽንያታት እኳ እንተሃለዉ እንካብ እቲ ካብ ክልል ትግራይ ዝመሓላለፍ ፈነወ ቴሌቪዥን ክርዳእ ይካኣል እዩ። እቶም ሪፖርተራት ዝጥቀሙለን ቃላት ቃል ብቓል ካብ ኣምሓርኛ ዝተወስዳ ምዃነን ትርዳእ። ኣብ እዋን ቃልሲ ከም እኒ እያሱ በርሀን ከም እኒ ሱራፌልን ከምኡውን ካልኦት ዘፍረየ ውድብ ሎሚ መንግስቲ ኮይኑ ውሩያት ደረስትን ከየንትን ናይ ቛንቋ ኪላታትን ከምዘየፍረየ ዝገርም እዩ። እዙይ ክብል እንተሎኹ ግና ብውልቆም ይኹኑ ብማሕበር ተደራጅዮም ንትግርኛ ምዕባለ ፀዓርዓር ዝብሉ ከም ማሕበር ባህሊ ትግራይን ብውልቀ ድማ ከም ዶክተር ሰሎሞን ዕንቋይ ከም ኣብነት ዝጥቀሱ ዝኽእሉ እዮም።*

*ናብ መበገሲ ኣርእስተይ ክምለስ እሞ ኣብዚ እዋን እዙይ ነነጢረን ብቛንቋ ትግርኛ ዝፃሓፉ መፃሕፍቲ ኣለዋ መበገሲኣንን መዕለቢኣንን ናብ ሓደ ገፅ ስለ ዘዘንብላ ግና ናይ መንበብቲ ሸውሃት ከይዓግታ ምጥንቃኞ ዘድሊ መሲሉ ይስማዓኒ።*

*ብናይ ዩኒቨርሰቲ መቐለ ተምሃሮ (ክፍሊ ትግርኛ) ታደሰ ተስፋይን ካልኦት መሓዙትን ከንብበን ዝተጠቆማለይ መፃሕፍቲ ብዙሓት እኳ እነተነበራ ካብዚኦን ክልተ ግና 'ምንኩሕኳሕ ዘይፍለያ ማዕፆን ማዕበል ፍርቂ ለይቲን እየን።*

ምንኩሕኳሕ ዘይፍለያ ማዕፆ ቅድም ኢላ ዝተፅሓፈት (ኣብ እዋን ቃልሲ) ፀሓፊኣ ዘይፍለጥ ብወረ ወረ ግና እቶም ናይ ሀዚ  ጠቕላሊ ሚኒስተር ኣይተ መለስ ዜናዊ እዮም ዝባሃል፣ ኣይኮንኩን እነተ ኢሎም ባዕሎም መለሲ ይሃቡሉ፣ ብጠቕላላ ትሕዝቶ ናይታ መፅሓፍ ኣብ ኢትዮጵያ ዝነበረን ብፍላይ ከዓ ኣብ ትግራይ ዝነበረ ዝተሓንፈፀ ፊውዳላዊ ምምሕዳርን ናይ ህዝቢ ቅሬታን እያ እትገልፅ። ነዚ ናይ ህዝቢ ቅሬታ ከዓ እቲ ተምሃራይ ቅድመ ግንባር ኮይኑ ነቲ ዘስከሕክሕ ዝነበረ ፊውዳላዊ ምምሕዳር መሪሑ ካብ ከተማ ናብ ገጠር ወሲዱ ናብ ቃልሲ ከምዝቐየሮ እያ ብሓፂሩ እትዝንቱ፣ ኣፀሓሕፉኣ ብዘየሰልቹን ብምቁር ቃላትን ዝተሰነየት ስለዝኾነት ንኽተንብባ ዓፃሚት እያ።

ብፍላይ ኣብ ውሽጣ ዝርከቡ ሓድሓደ ቃላትን ዓረፍተ ነገራትን ቦኽሪ እዝነይ ስለዝኸኑ ከም መምሃሪ ገይረ ወሲደያ እየ። ክፍሊ ትምህርቲ ክልል ትግራይ ከም ሓንቲ ናይ መምሃሪት (Text Book) ገይሩ እንተዝወስዳ ንምዕባለ  ቋንቋ ትግርኛ ትጠቅም እያ ዝብል ርእይቶ ከቐምጥ ይፈቱ።

እታ ካልኣይቲ መፅሓፍ ማዕበል ፍርቂ ለይቲ ደራሲኣ  ሃሴት ፍስሃ ፅቡቕ ናይ ትግርኛ ምልከት ከምዘለዎ ካብ እታ መፅሓፍ ክትርዳእ ትኽእል ኢኻ ይኹን ዳኣምበር ናይ ቃላት ድርደራን ምስቲ ታሪኽ ዘይኸዱ ዝተደጋገሙ ዓረፍተ ነገራትን ይበዝሓ እዩ። ንኣብነት ካብ ኣፅናፍ ናብ ኣፅናፍ ዝብል ብሂል ብተደጋጋሚ  ተቐሚጡ ኣሎ። ከምኩኡ'ን ኣብቲ እዋን ኣቲይ ክፃሓፍ  ይካኣል እዩ ኢልካ ዘይትግምቶ ደብዳቤ ምቕማጡ ቁሩብ ዝተጋነነ ዕሉፍ ኣምሲልዎ ኣሎ።

መበገሲ ታሪኻ ኣብ ኣኽሱምን ከባቢኣን ዝካየዱ ዝነበሩ ስርዒት ወያነ ኮይኑ እቲ ዝግበር ዝነበረ ምንቕስቓስ  ዓብዪ ሕልኽላኻትን ፈተንቲ እዋናትን ከምዘጋጠምዎ እዩ ዝገልፅ ይኹን ደኣምበር ዋላ እኳ ኣብ ልብ ወለድ ታሪኽ ዝተደረኸ እንተኾነ ሓድሓደ ታሪኻዊ ዝኾኑ መበገሲታት ክስሕት ኣይነበሮን።

ንኣበነት ኣብ ገፅ 31 እቲ መፅሓፍ ኣለም ፀሃይ ንተስፋይ  ብ1970 ዓ ም ወርሒ ታሕሳስ ክትፅሕፈሉ እንተላ ሀወሓት ዝብል ሽም ኢያ እትጥቀም ኣብ እቲ እዋን ግና ሀወሓት እትፍለጦ ዝነበረ ብተሓሀት እምበር ብሀወሓት ኣይነበረን።

*እቲ ደራሲ ክእለት ትግርኛኡ የዒስ ዘብል ኰይኑ ናይ ቃላት ድርደራ ገዲፉ ናብቲ ክፅሕፎ ዝደሊ ታሪኽ ኣትዩ ከም እቲ ኣብ መወዳእታ ገፃት ኣትዩ ክእመን ዝኽእል ታሪኽ እንተዝፅሕፍ ይምረፅ፡ ከም ከኣፅናፍ እስከ ኣፅናፍ ዝብሉ ዝተደጋገሙ ቃላት ምስቲ ታሪኽ ዝኽዱ ኮይኖም ኣይረኸብኩዎምን።*

*ብሓፈሽ ግና ኣብቲ መወዳእታ ዘሎ ታሪኽ ሰሓቢ ስለ ዝኾነ ክንበብ ዝግበኦ መፅሓፍ እዩ ኢለ ይኣምን።*

*እዚ ርእይቶ ካብ ሓደ ናይ ትግርኛ ክእለቱ ምጡን ካብ ዝኾነ ትገረዋይ ዝተውሃበ ስለ ዝኾነ ምናልባት በቲ ዝዋሃብ ርእይቶ ዘይሰማማዕ እንተሃልዩ ናይ ምቅዋም መሰሉ ሕሉው እዩ።*